## ተወሳኺ ሓበሬታ

**www.aids.ch**
ብዛዕባ ምስ HIV ሓቢርካ ምንባርን ኣበይ ናይ ምኽሪ መውሃቢ ማእኸል ምርካብ ከምዝኽእሊ ኩሉ ክፈልጡዎ ዝግባእ ነገር።

**www.drgay.ch**
ምስ ወዲ-ተባዕታይ ጾታዊ ርክብ ን ዝፈጽሙ ደቂ-ተባዕትዮ ዝኸውን ሓበሬታን ምኽሪን።

እዚ ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ እዚ **Swiss AIDS Federation** ምስ **NAM Aidsmap UK** ብሓባር ብምኧን ዘዳለውዎ እዩ ። ኒቲ ኣብዛ ናይ ሓበሬታ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ ምስ በዓሊ ሞያ ክንክን ጥዕና ክትማኸሩሉ ንላቦ።

ወፈያኹም ተወፈና ከምንሰርሕ ይገብረና እዩ – ኣዚና ነመስግን!
Aids-Hilfe Schweiz, Zürich,
PC 30-10900-5፡ ወይ ኣብ መስመር ኢንተርነት በዚ ዝስዕብ spenden.aids.ch

AIDS-HILFE SCHWEIZ
AIDE SUISSE CONTRE LE SIDA
AIUTO AIDS SVIZZERO

HIV+

# ናይ HIV መጠን ቫይረስ(viral load) ካብቲ ክልለ(ክፍለ) ዝኸእለሉ መጠን ንታሕቲ እንተኾይኑ




ኣብ ሰብነት ውሽጢ ዘሎ ናይ **HIV** መጠን ኣዝዩ ትሑት እንተኾይኑ፣ ክልለ(ክፍለ) ኣይኽእልን እዩ። እቲ ቫይረስ ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ይውዕል። እንድሕር ደኣ ነቲ ሕክምና ምውሳድ ቀጺልኩም፣ ነቲ ቫይረስ ክተመሓላልፉ ኣይትኽእሉን።

ናይ HIV ሕክምና በዝሒ ናይ'ቲ ቫይረስ በዝሒ ኣብ ኣዝዩ ዝተሓተ መጠን ንም ግባር ዝዓለመ እዩ። እቶም ዝካየዱ ምርመራታት ድማ ህላወ ናይ HIV ቫይረስ ኣይ ክርእዩን እዮም ምኽንያቱ ድማ በዝሒ መጠን ናይ 'ቲ ቫይረስ(viral load) ክባ'ቲ ክልለ(ክፍለ) ዝኽእ ለሉ በዝሒ መጠን ንታሕቲ ስለዝኸውን።



1

ናይ ቫይረስ መጠን(viral load ) ምልካዕ ኣብ ሓንቲ ጠብታ ናይ ደም ዘሎ ናይ ቫይረስ መጠን የርኢ።



2

እቲ ውጽኢት ኣብ ሰብነት ዘሎ ናይ HIV መጠን ክንደየናይ ልዑል ውይድማ ትሑት ምዃኑ እዩ ዘርኢ።




3

በዝሒ ናይ ቫይረስ ኣዝዩ ዝተሓተ እንተደኣ ኾይኑ፣ ክልለ(ክፍለ) ዘይኽእል ናይ ቫይረስ መጠን ይበሃል። ኣብ ደም ዝርከብ ናይ ቫይረስ መጠን ኣዝዩ ትሑት ይኽውን እሞ HIV ክርአ ዘይኽእል ይኸውን።



4

እዚ ማለት ድማ HIV ካብ ሰብነት ጠፊኡ ማለት ኣይኮነን፤ እቲ ቫይረስ ኣብ ካልኦት ክፋላት ናይ ሰብነት ንኣብነት ኣብ መዓናጡ ክህሉ ይኽእል እዩ።



5

እዚ ማለተ HIV ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ውዒሉ ኣሎ ማለት እዩ።



6

ነቲ ዝወሃበኩም ሕክምና ብ ስሩዕ መንገዲ ክትወ ስዱ እንተደኣ ቀጸልኩም፣ HIV ናብ ካልእ ክተመ ሓላልፉ ኣይትኽእሉን።